# ህዝባዊ መኸተ

ብፍታው ህዝቢ ዝነቐለ ብዘይጉጽ
ሓቦ ንበል ንዘይዋሰኡ ኣይንቃጸጽ
በታ ፍልጥቲ መለለይትና ንደናገጽ
ካብ ንዓይ ንህዝበይ ምባል ይመረጽ

ነዛ ሃብታም ብተፈጥሮ ክልተ ዝኽረምታ
ህዝባ ዩ ማዕከና ምንጪ ህብታ
ዝገብሮ ዝፈልጥ ብዘይ መጸዋዕታ
ብዘይ ማትእ መብገዲ ዝውፍ ንድሕነታ

መኸተ ብኹሉ ዩ ንሃገር ምክልኻል
ንህዝብኻን ንሃገርካን ምሕጋዝ ሓላል ዩ ሓላል
እኽእሎ የ እንተኢልካስ ኩሉ ዩ ዝክኣል
ሂወት ውን ይህቡ ኣሎው ብኣካል

ንበኞ ይልቦን ዓቕሚ እንተዘይሓጺሩ
እወ መብባብሮ እካ እንተሓየለ ንላዕሊ ንሂሩ
ቁሩብ ግን ንሕና ንሓይሽ ካብቶም ዓዲ ዝነብሩ
ንወዲ ሰብ ክኣ ሓቦዩ ቀንዲ ቁምነገሩ

ኩሉ ከኣ ክሓልፍዩ ከም ምሕላፉ
ነዚ ቁጠባዊ ሓርነት ምድጋፉ
መሰረት ዕብየት ኣብ ባይታ ኣሎ ተነጺፉ
ጽባሕ ዝምለስ ዩ ዝያዳ ተዓጻጺፉ

ንጽላእትና ዝፈጥረሎም ንውጺ
ሰብያ ምባልና ብሓደ ደምጺ
ንዝሳላሰል ዘሎ ሰራሕ ተሕተ ቅርጺ
ሕጅ ውን ኣጆና ኣይቕሰን ዓማጺ

ንርእዮ ኣለና ኣኻውሕ ክቕድድ
ንጎቦ ሜዳ ቀይሩ ዝምድምድ
ጽረር ዝበለት ማይ ተዓጊታ ክይትኸይድ
ኣብውር ኣዕሪፎም ብትራክተር ክጸምድ

ታሪኽ ይሰራሕ ኣሎ ታርኽ ዘይሕከኽ
ኣብ ሰራሕ ነድህብ ብዘይ ወደኽደኽ
ጸባም ከይሕለፍካ በቲ ሓደ ሸነኽ
ዋጋ ረሃጽ ኣይርከብን ዓሰቢ ሃለኽለኽ

ጸላእተና ዝጥቀሙሉ ቀጻሊ ዘመተ
ንቁጠባና ክርምሱ ድሕሪት እንትተጎተ
ጌጋ ሰእሊ እናመህዙ ብኤርትራ ዝሓተታ
ራኢዩና ግን ኣይዕንቅፍዎን ንነዊሕ ዝጠመተ

ትሕዝቶኣ ክብቅዕ ኣብ ሓጺር እዋን
ስረሐይ ኢሎም ሒዞሞ ምስላ ንምድዋን
ዝገበረ እንተገበሩ ፍጹም ኣይከኣልዎን
ሳልቶም ጀጋኑ ደቃ ሓደጋ ጥሜት ኣይንጽላልዎን

ምስዚ ኩሉ ተጻብኦ ዕንቅፋት
መድረኽ ብመድረኽ እናተዓጸ ሃጓፋት
ሕጂ ወን ክስገርዩ ክምቶም ሕሉፋት

ኣሎናልኪ ኤርትራ ብውሽጢ ብደገ
ኣይንዛነን ኢና ጸላኢና ከይተጸርገ
ፍቅርኺ ኣሎና ሰማይ ዝዓረገ
ዝኸበረ ዋጋ ንኽፍል መሰልኪ ምስተገፈ

ነዚ ብረቱ ኣመሕቑኑ ቅትሪ ኣብ ልምዓት
ጥዑም ድቃስ ሓሪሙዎ ኣብ ድፍዓት
ከም ውሁብ ወሲድዎ ምእንቲ ውጹዓት

ብሓቂ ንሕሰብ ነስተብህል
ንሙሉእ ሰራዊት ክትቅልብ ክትከፍል
ምስ መለንኪኖን ማሳን ከሎ እምኒ ክፍንቅል
ሓያል መንግስቲ ደኣ ኮይኑ ንኹሉ ዘስተኻኽል
እምበር ኣየናይ ማዕድን ገንዘብ ዝፍልፍል

ሳንቲም ረኺቡ ቅርሺ ኣባዚሑ ዝሓድር
ከም ጎረቤቱ ዝይኮነ ከም ቤቱ ዝነብር

ልክዕ ከምዛ ውሕልልቲ ኣደ
ካብትን ካብትን ቆጢቡ እናዎለደ
ዕርቃዛ ሃገር ደገ ኣይወጽን ብዝወሓደ

ትሕቲ እምኒ ስለ ዝርከብ እቲ ዝድለ
ሻቡ ኣስተባሂሉሉ መሰረታዊ ምዕባለ
ዒላ ኣይኩዓትንዩ ቃላት እንተዋሕለለ
ብጅኡ ብትሙ ንሃገሩ ዝገልገለ

ዝቑንዙ ግን ኣሎ ቅንዛ ረምጺ እምኒ
ኩሉ ኣይትውሕጦን ኢኻ ደም ስኒ
ስልጣንካ ትጠቂምካ ንነብሰይ ይጥዓመኒ
ዒራ ዘይፈልጡኒ ዘይጥርጡሩኒ

ኢልካስ ድላየይ ኢየ ዝገብር
ስዉእ ከይሰምዕ ከይንቕነቕ መቓብር
ኣደ ጅግና ከይቲጉሂ ልባ ከይስምብር
ኣስሓኮ የህሉ ሰሰዐ ከይስዕርር

ኤርትራዊ ኩሉዩ ተቓላሳይ
ኣብ ቦትኡ ይሃሉ ምትሕልላይ
ክውረስ ዝግበኦ ኣሎ ታሪኽ ተጋዳላይ

ክመሃሮ ምእንቲ ቲ ተቐባሊ ዋርሳይ

ኣይተሳእኑን ብኽልተ ኩሩምቶም ዝሕይኹ
ዓገብ ምባሎም ቁሩብ እንተሓነኹ
ሕሹኽ ከድሊ ዩ ልዕሊኡ ከይውስኹ

ግን ኤርትራዊት ኣደ ሒዝካ ነይጽግም
ሽቦ ቃልኪዳን ዝውፍያ ናይ ኢድ ካትም
እንተዘይሰልምኣ ወርቒ ተሓናቒት
ቅንጅውጅው ምኣስ ምበለት እምብዘተበሃገት

እንተዘይሰልምኣ ወርቒ ጎባጉብ
ዝባን መን ክሞመቕ ከብዲ መንከ ክጸግብ
እንተዘይሰልምኣ ወርቒ ኣስተሊኒ
ኣበይ ምረኸብና ሃገር መሓበኒ
እንተዘይሰልምኣ ወርቒ ኩትሻ
ትራክተር ዶ ምተረኽበት ኣብ እንዳ ሕርሻ
እንተዘይሰልምኣ ወርቒ ካቴና
ውረ ንሙኻኑ ኣበይ ምሃሎና
እንተዘይሰልምኣ ወርቒ መናጅር
ኣይናይ ዜጋ ኢዩ ቅሲኑ ዝሓድር
እንተዘይሰልምኣ ወርቒ ሰቑሬን
ዋርሳይ ይከኣሎ እምብይ ምሃጠረን
ቁንጭል ኣቢልዮ ካብቲ ጽቡቕ ግብረን
ጽንዓተን ዘመስከራ ሓቦ ድራረን

ዓውድና ይሰምልም
ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ

ዘካርያስ ትስፋጊዮርጊስ
ስቱትጋርት